# ወግዕን ጸወታን

# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፩

**ዝቕጽለ...**

ብዛዕባ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ ኣብ ዝሓለፈ ከም እተገልጸ፣ ኣብ ጊዜ ሓዘን ደቆም ርእሶም ኣጸናኒዖምስ ንኻልኦት ንምጽንናዕ ብምኽኣሎም ብርቱዕ ሰብ ከም ዝነበሩ ርኢና። ካብኡ ሓሊፉ ድማ ብዓልቲ ቤቶም ሓሚመን ብዘነበራሉ እዋን ዘርኣይዎ ሕሉፍ ዝኾነ ጥንኩር መንፈስ ዝሰማዕኹዎ ነገር ስለ ዝነበረ፣ ብዛዕብኡ ሓደ ጊዜ ኣልዓልኩሎም፤

“ኣቦይ ቀሺ፣ ካሊእ ድማ ብርቱዕ ሰብ ምዃንኩም ዚንገረልኩም በቲ ብዓልቲ-ቤትኩም ሓሚመን ዝነበራሉ እዋን ባዕልኹም ከም ዘልዓልኩምወን እዩ።”

“እወ፣ ብዓልቲ ቤተይ ንነዊሕ እዋን ሓሚማ ነይራ።”

“እንታይ ኮይነን ሓመማ፣ ሕማመንከ እንታይን ከመይን ዓይነት ነበረ?”

“እተፋላለዩ ሓኻይም መርሚሮምዋ ነይሮም፣ ምንም ኪገብሩላ ኣይከኣሉን። ንሕማማ ዝፈለጠላን ኪሕክማ ዝኽኣለን ሓደኳ ኣይነበረን።”

“ንምዃኑ ከመይ ኢሉ ጀመረን እቲ ሕማም?”

“ገሊኦም ብዝሒ ደም እዩ፣ ገሊኦም ካብ ዛሕሊ ዝመጸ ከይኸውን፣ ገሊኦም ካብ ምግቢ ዝመጸ እዩ፣ ገሊኦም ንፋስ ምቕያር የድሊ ይብሉ፣ ካልኦት ድማ ድንገተኛ ንፋስ ወይ ቁሪ ወቒዑዋ እዩ ይብሉ። ምዝራብ የለ፣ ገለ የለ፣ ምግቢ ዝብሃል ኩሉ ምብላዕ ኣብያ ኣብ ሓጺር ጊዜ እያ ዝደኸመትን፣ ንምልዓል ሰኢና እተሰነፈትን።”

“ንስኹምከ ብዛዕባ ሕማመን እንታይ ትብሉ፣ ምኽንያቱኸ እንታይ ይመስለኩም?”

“ወደይ ኣነዶ ’ሞ ካብ ሓኻይም ንላዕሊ ፈሊጠ ኢልካኒ? ሓደ ሓኪም ድማ ካብ ሓዘን ደቃ እተላዕለ ከይኸውን ዝበለኒ እውን ነይሩ። ንምፍላጥ ኣሸጋሪ እዩ።”

“እሞ ባዕለይ እየ ዘላዕላ ኢልኩም ‘ሰብ ኣየቕርበላን’ ዝበልኩምከ እንታይ እዩ ነገሩ?”

“ዋእ ኣይ ኣካለይ እንድያ! ዓሰርተ-ክልተ ቖልዑ ንዝወለደትለይ ሰበይተይ ከመይ ድኣ ባዕለይ ዘየላዕላ? ኣካላ እኮ ኣካለይ እዩ፣ ኣብ ኢድ ካሊእ ሰብ ክትወድቕ ኣይደለኹን። ኣነ ባዕለይ እየ ርስሓታ ጸሪገ፣ ሰውነታ ሓጺበ፣ ክሳዕ እታ እትሞተላ ጊዜ ኩሉ ዘድልያ እናገበርኩላ ዘላዓዓልኩዋ። ምንም ዝጐደላ ነገር ኣይነበረን።”

“ንሱ እኮ እዩ ብርቱዕ ሰብ ኢኹም ዜብለኩም።”

“ወደይ፣ ብርቱዕ ዚብሃል፣ ብዝሐልፈ ጊዜ እውን ነጊረካ ነይረ፣ እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ ዜብርትዕ እምበር ሰብ እንታይ ሓይሊ ኣሊእዎ ኢልካ ኢኻ? እግዚኣብሔር እቲ ጽሑፍ፤ ‘ካብ ዓቅምኹም ንላዕሊ ኣይትፍተኑን ኢኹም፣ ኣብቲ ፈተናኹም ድማ መውጽኢ ይህበኩም እዩ’ ከም ዚብሎ ንኹሉ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ኣይፍትኖን እዩ።”

“ናይ ቤት ሰራሕተኛ ወይ ኣገልጋሊት ድኣ ንምንታይ ዘይቆጸርኩም?”

“ናይ ቤት ኣገልጋሊትስ እባ ነይራ፣ ግን ንሳስ ኽዳውንቲ ትሓጽብ፣ ገዛ ትውልውል፣ ተጽሪ፣ ምግቢ ተዳሉ። እቲ ናብ ብዓልቲ ቤተይ ዚቐርብ ነገራት ኩሉ ግን ብኢደይ እዩ ዚሓልፍ። ማንም ካሊእ ሰብ ከቐርበላ ኣይደለኹን።”

“ኣቦይ ቀሺ፣ ጌጋ ደኣ ይኽልኣለይ እምበር ብሓቂ እትገርሙ ሰብ ኢኹም። ከምዙይ ጌሩ ንብዓልቲ ቤቱ ዚሕሉን፣ ዚከናኸንን ሰብ ተርእዩን፣ ተሰሚዑን ኣይፈልጥን።”

“ዋእ፣ ኣንታ ወደይ፣ እቲ ቓል-ኪዳን ማለት ድኣ እንታይ ድዩ? ናትና እኮ ኸም ሰብ ሎሚ፤ “ፈተኹኺ፣ ፈቶኹኻ” ተባሃሂልካ ዚእቶ ሓዳር ኣይነበረን። ‘እንተ ሓመመት፣ እንተ የረት፣ እንተ ጸመመት፣ ኢደ-እግራ፣ ወይ ዝኾነ ኣካላታ እንተ ጕደለት ኽጾራ እየ፤ ሞት ክሳዕ ዝፋላልየና!’ ኢልካ ኣብ ቅድሚ ሰብን፣ እግዚኣብሔርን ምሒልካን፣ ጥሒልካን እኮ እዩ ዚእቶ! ንሳውን ከምኡ ንኽትገብር ምሒላን ጥሒላን እያ እትኣቱ፥ ስለዚ እቲ  ሕማም ንዓይ በጺሑኒ እንተ ዝኸውን ኔሩ ድማ ከምኡ ንኽትገብር ግቡኣ እዩ። ቃል-ኪዳን ሕጊ እንዳባ ጽኑዕ፣ ናይ ምሉእ ሕይወት ውሳነን፣ ማሕላን እንድዩ!”

ይቕጽል...